# ሞት ቀናእ

ሞት ቀናእ መመሪፅካ ምውሳድ ንዝበለፀ

ኣይፋለይ ንዝበለ ኣብ ልዕሊ ድሌትካ ንዝዓመፀ

ዓቅሚ ኣልባ ለማስ መኻን ፅቡቅ ግብሪ

ምፍራስ ምብልሻው ጥፍኣት ጥራሕ ክፉእ መሰሪ

ንዓና ክትመስል ሒዝካ ቆመና ወዲ ሰብ

ጋንየን መከራ በደል ጥራሕ ካባኻ ዝርከብ

ነገር ከይዕሪ ሰላም ቅሳነት ራህዋ ከይሰሪ

ሕኹትኩ ተሳውር ተጣቁስ ኣብዛ ምድሪ

ኣየ ሞት ቀናእ ካሊእ እንታይ ኣለካ ኩሉ ግዜ ህውከት

ፀልማት ተጎልቢብካ ተሳሲ ትዓግብ ብናይ ካሊእ ውድቀት

ኩሉ ግዜ ደበኽ ቀያይርካ መልክዕ

ንዓና ክትሰዕር ፈፂምካ ክትረትዕ

ተዛማቲ ሕማም ትኸውን ለበዳ ናብ ኩሉ ትንዛሕ

ኲናት ትኸውን ብህልቂት ካልኦት ንኽትርባሕ

እምነት ተጎልቢብካ ህውከት ንምርባሕ

ቅርፅኻ ነንበይኑ ግን ሓደ ዕላማኻ ወትሩ ትባዛሕ

ሞት ውን ከም ዝመውት በዓዝ ገሚትካዮ

ሕሉፍ ፍፃመታት እንዶ ዘንጊዕኻዮ

ምፅሕታር ምስዋር ሓዊ ባርዕ ንኽብርትዕ

ኣውያት ስቅያት ደምነት ንኽብርትዕ

ዓቅምኻ ተዋህልል ንየን ነዘን ትብል ፍፁም ዘይትህከ

ዓይንኻ እንዝኻ ኢድካ ዘይትእከብ ወይከ

ፈታዊ መሲልካ ናብ ኩሉ ትኣቱ ክንደይ ከ ትኽእለሉ

ሞትነትካ ትሓብእ ትሰብኽ ትዝምር ንዓኻ ክቅበሉ

ሰብስ ሰብ እምበር ትነብር ትመውት ትኽተል ሕጊ

ንስኻ ዝፈልየካ ምኻንካ ህውከት ምኻንካ ዘራጊ

ሐዚ ይመስለካ ናይ ጎበዝ ሓለቃ ገባሪ ሓዳጊ

ኣብ ቅድሚት ግን ኣሎ ዝፅበየካ ፍርዲ

ናይዚ ኹሉ በደል ግፍዒ ህልቂት ናይ ብዙሓት

ውዲት ክፉእ ስራሕኻ ናይ ኩሎም መዳያት

ተፀብዩ ሓጥያት ሞት ውን ክትመውት ሕነ ክፍደ

ውግዘት ናይ ትማሊ ናይ ሎሚ ፅባሕ ክፍፀም ሓመድ ክትድብ

ንስኻ ክትቅምስል ክትደክም ክትውሕድ ክትዛሪ

ንሕና ክንልምልም ክንስስን ጉልበት ክነጥሪ

ክትወርድ ክንድይብ ምርኻብና መዓዝ ከይቀሪ

ውስብስብ ምድንጋር ሕትኽትኽ ቅድሚት እንዶ ክፀሪ

ጉልባብካ ክቅንጠጥ መሰረት ባይታኻ ክድርመስ

ዘለኻዮ ውቅያኖስ ክናጋዕ ኪቃወስ ክሕመስ

ውሽጥኻ ዝሓብአ ሕብሪ ክርመስ ክብለል ምስልኻ ክግለፅ

ነውራም ሞት ሞትካ ብዕሊ ሽዑ ኣብ እዋኑ ክረጋገፅ

ክብሪን ሞጎስን ንሰማእታትና!!

1ይ ዓመት መስዋእቲ ቀ/ሚኒስተር ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ምኽንያት ብምግባር ዝተገጥመ

ተጋዳላይ

ኣውስትራልያ

tegadalay_alula@yahoo.com